## ሳልሳይ ዋዕላ ኮሚቴ ቛንቛ ሳሆ ኣብ ጊንዳዕ ተኻይዱ።

------------0-------------

ሳልሳይ ዋዕላ ኮሚቴ ቛንቛ ሳሆ፣ “ዝነበረ ባህልና ክይጠፍኣና ንምዕቃቡ ንቀዳዳደም” ኣብ ትሕቲ ዝብል ጭርሖ፣ ካብ 22 ክሳብ 24 ሰነ ኣብ ከተማ ጊንዳዕ ተኻይዱ።

ኣብቲ ዋዕላ፣ ኮሚቴ ቋንቋ ሳሆ፣ ኣብ ዝሓለፈ ሰለስተ ኣዋርሕ 24 ካሴታትን ብርክት ዝበሉ ጽሑፋት፣ ምስላታትን ታሪኽን ብቋንቋ ሳሆ ከምዘዳለወት ኣፍሊጣ። እንተኾነ እታ ኮሚቴ መጽናዕትታት ኣብ ተካይደሉ ዝነበረት እዋን ሕጽረት መጓዓዝያን ባጀትን የጋጥማ ከምዝነበረ ሓቢራ። ብመሰረት ኣብቲ ዋዕላ ዝተዋህበ መግለጺ፣ ነዛ ኮሚቴ ካብ መንግስቲ ንመካየዲ ንጥፈታት 80 ሽሕ ናቕፋ ተሰሊዑላ ኣሎ።

ኣብ ኣጋጣሚ፣ ቋንቋታት ሃገርና ንምምዕባል ብመንግስቲ ንዝካየድ ዘሎ ጻዕርታትን ዝተረኽበ ውጺኢትን ብዝምልከት ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ ኣቶ ዓ ብዱ እድሪስ ንዋዕለኛታት ዝርዝራዊ መግለጺ ሂቡ።

ካብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ኣቶ ኢብራሂም መሓመድ፣ ፖሊሲ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ማዕርነት ቋንቋታት ዝኣምንን ዘረጋግጽን ብምዃኑ፣ ኣብዘን ዝሓለፋ ዓመታት ንምዕባለ ቋንቋታት ሓገዝቲ ዝኾና ኮሚቴታት ኽኽቖማ ከምዘፍቐደ ገሊጹ። እተን ኮሚቴታት ባህልን ልምድን ብሄራትናን ቋንቋታትናን ንምዕቃብ፣ ኣብ ኣመሃህራን መጻሕፍትን ዘሎ ሕጽረት ንምፍላጥን ንምቕላስን፣ ብዓቢኡ ድማ ተሳታፍነት ህዝቢ ኣብ ትምህርቲ ንምዕዛዝን ኣገደስቲ ምዃነን ኣፍሊጡ።

ተሳተፍቲ ናይቲ ዋዕላ፣ ኣብ ልዕሊቲ ዝቐረበ ጸብጻብ ናይታ ኮሚቴ ድሕሪ ምዝታይ፣ “ ኮሚቴ ቋንቋ ሳሆ ውጽኢት ስርሓ ንህዝቢ ክትገልጽ፣ ኩሉ ዝተኣከበ ካሴታትን ጽሑፋትን ኣብ ስራሕ ክውዕል፣ ከምኡውን ነቲ ዝርአ ናይ ገንዘብን መንቀሳቐስን ሽግራት ንምፍታሕ ጻዕርታት ክካየድ” ዝብሉ ለበዋታት ኣቕሪቦም።

ኣብ ሃገርና ብቛንቋ ሳሆ ዝምህራ 33 ኣብያተ ትምህርቲ ኣለዋ።

******ኢ.ዜ.ኤ*******